
መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ዳንኤልን ምስጢራዊ ሕልምን።



ጸሓፊ ፡- Edward Hughes

ገላጺ ፡- Jonathan Hay


ኣወሃሃዲ፣ Mary-Anne S.

ተርጓሚ፡- ተስፋኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጻሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣


ንጉስ ነቡካድነጻር ሕልሚ ሓለመ፡ እዚ ሕልሚ እዚ ድማ ብዙሕ ኣጨነቖ።
ዳንኤል ብሓይሊ ኣምላኽ ነቲ ንጉስ ትርጉም እቲ ሕልሙ ኪነግሮ ከኣለ።



ዳንኤል ቀዳማይ ዝገበሮ ነገር ነቲ ሕልሚ ብልክዕ ምግላጽ እዩ፡ "ኦ ንጉስ ዓቢ ምስሊ ናይ ሓደ ዓቢ ሓወልቲ ርኢኻ፡ መልክዑ ድማ ኣዝዩ ዘደንቕ እዩ ነይሩ"




"ርእሲ እቲ ሓወልቲ ካብ ወርቂ ዝተሰርሐ እዩ ነይሩ" ዳንኤል ተዛረበ።




"ኣፍልቡን ቅልጽሙን ካብ
ብሩር ዝተሰርሐ እዩ ነይሩ።"



"ከብዱን ሰለፉን ካብ ኣስራዚ
ዝተሰርሐ እዩ ነይሩ።"




"እግሩ ካብ ሓጺን ዝተሰርሐ ኮይኑ፡ ኣእጋሩ ብኸፊል ካብ ሓጺን፡ ብኸፊል ካብ ጭቃ ዝተሰርሐ እዩ።"




ዳንኤል ነቲ ሓወልቲ ንንጉስ ድሕሪ ምግላጹ ትርጉም እቲ ሕልሚ ቀጺሉ ነገሮ።




ዳንኤል ድማ ነቲ ንጉስ፡ ኢድ ከይተንከየ ሓደ
እምኒ ክፍንቀል ከሎ ተዓዚብካ፡ በሎ።




"እቲ እምኒ ድማ ነቲ ምስሊ ኣብቲ ብሓጺንን ጭቃን ዝተሰርሐ እግሩ ምስ ወቕዖ ተሰባበረ።



"ድሕሪኡ እቲ ሓወልቲ ተሰባቢሩ ናብ ሓመድ ተቀየረ ብንፋስ ድማ ተበተነ፡ ዳንኤል ድሕሪ ቁሩብ ስቕታ፡ "እቲ እምኒ ድማ ዓብዩ ን ኩላ ምድሪ መልኣ፡ በሎ።




እቲ ንጉስ” እቲ ዝሓለሞ ነገር ልክዕ ከምኡ ስለ ዝነበረ” ተገረመ፡ ዳንኤል ከመይ ኢሉ እዩ ነዚ ኺፈልጥ ዝኸኣለ፧ ኣምላኽ ንዳንኤል ስለ ዝነገሮ ጥራይ ኢዩ፡ ሽዑ ዳንኤል ንንጉስ ነቡካድነጻር ትርጉም እቲ ሕልሚ እንታይ ምዃኑ ኺነግሮ ጀመረ።






ዳንኤል ድም ነቲ ንጉስ፡
እቲ ናይ ሰማይ ኣምላኽ
መንግስትን፡ ሓይሊን፡
ብርትዐን፡ ክብርን ሃበካ፡
"ንስኻ ድማ እታ ናይ
ወርቂ ርእሲ
ኢኻ" በሎ።

ዳንኤል ድም ነቲ ንጉስ፡ እታ ወርቃዊት
መንግስቱ ከም እተብቅዐ ነገሮ፡
እቲ ብሩር ክፍሊ ናይቲ
ሓወልቲ ድማ ዝደኸመ
መንግስቲ ነቲ ቦታ
ክሕዞ ከም ዝኾነ፡
እቲ ኣስራዚ ድማ
ካልእ መንግስቲ
ማለት እዩ፡ እቲ
ሓጺንን ጭቃን
ድማ ካልእ ራብዓይ
መንግስቲ
ዝውክል ኢዩ።



ዳንኤል ነቲ ንጉስ ዝነገሮ
ናይ መወዳእታ ነገር እዚ
እዩ ነይሩ። "ኣምላኽ
ሰማይ ንዘልኣለም
ዘይትጠፍእ መንግስቲ
ኬቕውም እዩ፡ ዝብል።



ንጉስ ነቡካድነጻር ንዳንኤል ሕልሙ ንኸፈልጥን ንኽርድኦን ጥበብ ክህቦ ዝኽእል ኣምላኽ ጥራይ ምኳኑ ኣስተውዓለ፡ ንዳንኤል ድማ ብ ሃብቲ ሸለሞ፡ ኣብታ መንግስቱ ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሰብ ገበሮ።




እተን መንግስታት
1፣ 2፣ 3 መጺአን
ከይደን እየን፡
መንግስቲ ኣምላኽ
ድሕሪ እታ
መንግስቲ 4
ትመጽእ ኣላ፡ እቲ
መሲሕ ኣብ
ምድሪ ክነግስ
እዩ፡ እዚ
ድማ ኣብ ቀረባ እዋን
ክኸውን ይኽእል እዩ!

ዳንኤልን ምስጢራዊ ሕልምን።

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዳንኤል 2

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

32

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16